ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ኣዕቢ ብናይ ሴፍትኔት ካፒታል በጀት ዝተረከበ ንዘፈር ቁጠባ ናይ ዕ/ሓ/ማይን እታወታት ዝውዕል ናይ ህንፃ መሳርሒ ኣቁሑት ብፕሮፎርማ (SHOPP\NG) ኣጫሪቱ ክገዝእ ስለዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጥሪ 20, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 27, 2017 5:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000.00
- ቦታ:ኣፅቢ ወንበርታ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 27, 2017 5:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮንስትራክሽን ማሽነሪን ኣቁሑትን/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/

ቁፅሪ 10/ም/ጨ/04/2017

ዕለት 20/05/2017ዓ/ም

ንተጫረቲ ኩሉ

ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ኣዕቢ ብናይ ሴፍትኔት ካፒታል በጀት ዝተረከበ ንዘፈር ቁጠባ ናይ ዕ/ሓ/ማይን እታወታት ዝውዕል ናይ ህንፃ መሳርሒ ኣቁሑት ብፕሮፎርማ (SHOPP\NG) ኣጫሪቱ ክገዝእ ስለዝደለየ ሕጋውያን ነጋዶ ዝኮንኩም ንክትጫረቱ ንዕድም።

ተጫረቲ ከማልእዎ ዝግባእ ነጥብታት

1. ተጫረቲ ናይ 2017ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ፣ ዝተሓደሰ -መቅረባይነት ሰርቲፊኬትን ቲን ናምበርን ዘለኩም

2. ተጫረቲ ነናይ ባዕሉ ዘርፊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎ ክኮን ይግባእ

3. ተጫረቲ ቫት ዝተመዝገቡን ናይ ወርሒ ሕዳር 2017 ዓ/ም ዲክለር ዝገበርሉ መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእሉ ምኳኖም

4. ተጫረቲ መክበሪ ጨረታ ዝከውን ብጥረ ገንዘብ ወይ ብCPO 10000.00 ብር

5. ተጫረቲ ሰዓራይ ምኳኖም ምስ ተፈለጠ መክበሪ ዉዕሊ ካብ ጠቅላላ ዝሰዓርዎ መጠን ገንዘብ 10% ብጥረ ገንዘብ ወይ ብCPO ከትሕዙ ምኳኖም

6 ካብ ጠቅላላ ዝሰዓርዎ 20% ንዉስክ ወይ ንቅንስ ምኳና

7. ተጫረቲ ንብረት ዝቀርበሉ ሰዓርቲ ምካንኩም ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 7 መዓልቲ ይከውን

8. ተጫረቲ እቲ ዝምልእዎ ዋጋ ናይ መፅዓኒን መራገፍን መጎዓዓዝን ኣብ ግምት ዘእተወ ክከውን ኣለዎ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9. ተጫረቲ ኣብ ዘቅረብዎ ደኩመንት ሽሞም፣ ፊርሞኦምን ማህተምን ክዓርፎ ይግባእ

10. ተጫረቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ከምኡ እውን ዝተማልአ ደኩመንት ኣብ ዝቀርበሉ ይኽፈት

11. ጨረታ ብዝተፈላለየ ምክንያት ከዛብዑ ዝፍትኑ ተጫረቲ እቲ ቤት ፅሕፈት ካብ ረታ ወፃኢ ገይሩ ንቀፃሊ ከይሳተፍ ይገብር

12. እቲ ውድድር ITEM by ITEM መሸነፋይ ይከውን

13. ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ መዓልቲ 15 መዓልቲ ይኽውን።

14.ሰነድ ዝሸየጠሉ እዋን ካብ 20/05/2017ዓ/ም-27/05/2017 ዓ/ም ኣብ ወረዳ ኣፅቢ ከይዲ ስራሕ ዕን ምምሕዳር ቢሮ ቁፅሪ 4 ይከውን

15. ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 27/05/2017 ዓ.ም ኮይኑ በቲ ተጠቂሱ ዘሎ ዕለት ሰዓት 5፡00 ተዓሸጉ 5፡30 ይክፈት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle